Tigrinya | **ትግርኛ**

# ኣብ 2026 ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ



ምጅማር ትምህርቲ፡ ንቖልዑን ንወለድን ንኣለይትን ባህ ዘብል እዋን እዩ። እቲ ናይ ምዝገባ መስርሕ ብእተኻእለ መጠን ቀሊል ንኽንገብረልኩም ክንሕግዘኩም ንደሊ ኢና።

ኣብ ቪክቶርያ ውሉድካ ብመሠረት *ሕጊ ተሓድሶ ትምህርትን ስልጠናን 2006* ኣብቲ እተመደበሎም ናይ ከባቢኦም ቤት ትምህርቲ (ናይ 'ከባቢ ቤት ትምህርቲ') ናይ ምክፋል መሰል ኣለዎ።

ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘይኮነ ቤት ትምህርቲ ኽተመልክት እውን ትኽእል ኢኻ። እታ ቤት ትምህርቲ ምስ ፖሊሲ ምደባ ብምስምማዕ ንዘቕረብካዮ መመልከቲ ኣብ ግምት ከተእትዎ እያ። ብዛዕባ ፖሊሲ ምደባ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ [ምምዝጋብ ቤት ትምህርቲ/Enrolling in school](https://) ኣብ ዝብል ገጽ ብጻሕ።

## ሓድሽ ሰሌዳ-ግዜ ምሉእ ቪክቶርያ ንመሰረት-ትምህርቲ (ፕረፕ)

ቀዳመይቲ ዓመት ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ መሰረት-ትምህርቲ ወይ ፕረፕ (Foundation or Prep) ትብሃል። ኵለን ናይ መንግስቲ መባእታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ቪክቶርያ ንኽስዕብዎ ናይ ፋውንዴሽን ምዝገባ ሰሌዳ ግዜ ኣውጽኣና ኣለና (ገጽ 4 ርአ)። እዚ ሰሌዳ ግዜ እዚ ንውሉድካ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2026 ኣብ መሰረት-ትምህርቲ/ፋውንዴሽን መዓስን ብኸመይን ከተመዝግቦ ኽም ዘለካ ንኽትርዳእ ክሕግዘካ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

## ንውሉደይ መዓስ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት መባእታ ቤት ትምህርቲ ኽመዝግቦ ኣለኒ?

ውሉድካ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ዝጅምረላ ዓመት ኣብ 30 ሚያዝያ (ወርሒ ኣርባዕተ) 5 ዓመት ክመልእ ኣለዎ።

6 ዓመት ዝመልአ ቖልዓ ቤት ትምህርቲ ኽጅምር ግዴታ እዩ።

ንውሉድካ ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2026 ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ መንግስቲ ቪክቶርያ ምእንቲ ኽተመዝግብ ክሳዕ 25 ሓምለ 2025 ነቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምዝገባ መመልከቲ ኣቕርብ።

## ንውሉደይ ብኸመይ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት መባእታ ቤት ትምህርቲ ኽመዝግቦ ኣለኒ?

ንውሉድካ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመት መባእታ ቤት ትምህርቲ ንኽተመዝግቦ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ውሰድ:-

1. ነታ ናይ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ኣብታ 'ቤት ትምህርተይ ርኸቢ (Find my School)' እትብል ወብሳይት ርኸባ (ኣብ ታሕቲ ርአ)።
2. ዑደት ቤት ትምህርቲ ንኽትሓዝእ ወይ ብዛዕባ እታ ቤት ትምህርትን መስርሕ ምዝገባን ዝያዳ ንኽትፈልጥ ምስ መንግስታዊት መባእታ ቤት ትምህርቲ ተራኸብ።
3. ናይ መሰረተ ትምህርቲ ወይ ፋውንደሽን (ፕሬፕ) ምዝገባ ሓበሬታ ጥቕላል ወይ ጥራዝ ካብ [ኣብ ፋውንደሽን (ፕሬፕ) ምምዝገባ (Enrolling in Foundation (Prep))](https://) ዝብል ኣራግፍ። እቲ ጥራዝ ወይ ጥቕላል ካብ ሰሉስ 22 ሚያዝያ 2025 ኣትሒዙ ኽርከብ እዩ መመልከቲ ፎርም ድማ ክህልዎ እዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ ኽትመልኦ እትኽእል ቀዳሕ እቲ ፎርም ክህበካ ይኽእል እዩ።
4. **ክሳዕ ዓርቢ 25 ሓምለ 2025** ንመሰረተ ትምህርቲ ወይ ፋውንዴሽን ምዝገባ ኣመልክት።
5. ናይቲ ዘመልከትካዮ ውጽኢት **ካብ ሰኑይ 28 ሓምለ ክሳዕ ዓርቢ 8 ነሓሰ 2025** ክሕበረካ እዩ። ዕድመ እንተ ተቐቢልካ፣ **ክሳዕ ዓርቢ 22 ነሓሰ 2025** ክትቅበሎ ኣሎካ።
6. **ኣብ እዋን 4ይ ተርም 2025** ኣብቲ ምዝገባን ናይ መሰጋገሪ ናይ ሓበሬታ ክፍለ ግዜን ተኻፈል።
7. ውሉድካ **ካብ ረቡዕ 28 ጥሪ 2026** ኣትሒዙ መሰረተ ትምህርቲ (ፋውንዴሽን) ክጅምር እዩ።

## ኣብ ከባብየይ ዘላ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ክረክብ እኽእል?

ነዚ ዝስዕብ ደረጃታት ተኸቲልካ ንናይ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ኣብታ 'ቤት ትምህርተይ ርኸቢ (Find my School)' እትብል ውብሳይት ርኸባ:-

1. findmyschool.vic.gov.au ናብ ጉግል ወይ ብሮውዘርካ ኣእቱ።
2. ኣብቲ 'ንምጅማር ኣድራሻኻ ኣእቱ/Enter your address to get started' ዝብል ቀዋሚ ኣድራሻ መንበሪኻ ኣእቱ።
3. እብ ትሕቲ 'ዓመተ ምዝገባ/Enrolment year' ዝብል 2026 ምረጽ። **መዘኻኸሪ:-** ናይ 2026 ናይ ቤት ትምህርቲ ዞባታት ኣብ መወዳእታ 1ይ ተርም 2025 ክርከብ እዩ።
4. ኣብ ትሕቲ 'ዓይነት ትምህርቲ (School type)' መባእታ ዝብል ምረጽ።

እቲ ካርታ ሽዑ ኣድራሻኻ፡ ናይ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ ድማ ነታ ቤት ትምህርቲ ኽትረኽበሉ እትኽእል ኣድራሻ ከተርእየካ እያ። ናብ ታሕቲ እንተ ወሪድካ፡ ናብ ኣድራሻኻ ዝቐረበ ሓሙሽተ ኣብያተ ትምህርቲ ኽርእየካ እዩ።

ኣብቲ 'ቤት ትምህርቲ ርኸብ (Search for school)' ዝብል ድማ ነታ ቤት ትምህርቲ ብስማ ኽትረኽበ ትኽእል ኢኻ።

## ወይ ኣብቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ዘይኰነ ናይ መንግስቲ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ኽመልክት ይኽእል ድዩ?

እወ፡ ኣብ ከባቢኻ ናብ ዘይኰና ኣብያተ ትምህርቲ ኽተመልክት ትኽእል ኢኻ። እቲ ቤት ትምህርቲ ንኣወዓዕላኻ ምስ ፖሊሲ ምደባን ዘሎ ቦታን ብምምዝዛን ክምርምሮ እዩ። መመልከቲ ወረቐት ብኸመይ ቀዳምነት ከም ዝወሃቦ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ/Enrolling in school ዝብል ገጽ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ዘቐረብክዎ መመልከቲ ኽም ዘይተዓወተ ዝገልጽ ደብዳበ እንተ ተቐቢለ ኸ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ንውሉድካ ኣብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ኽተመዝግቦ ኣለካ። ውሉድካ ኣብቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ቦታ ኽም ዝረክብ እተረጋገጸ እዩ። ናይ ውሉድካ ናይቲ ኸባቢ ቤት ትምህርቲ በቲ ዝቕመጠሉ ቀዋሚ መንበሪ ኣድራሻ እዩ ዝውሰን። ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ውሉድካ ምእንቲ ኽትረኽቦ ናብ ቤት ትምህርተይ ድለ (Find my School) ዝብል ብጻሕ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ (Enrolling in school) ዝብል ገጽ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ኣድራሻ ውሉድካ ንኽተረጋግጽ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብል እውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ምዝገባ ኣብ ፋውንድሽን (ፕረፕ) (Enrolling in Foundation (Prep)) ዝብል ገጽ እቲ ናይ ምምዝጋብ መመልከቲ ውጽኢት ይግባይ ምባል ብዛዕባ ዘድሊ መስርሕ ሓበሬታ ኣለዎ።

## ክምዝገበሉ ዝግብኣኒ ግዜ እንተ ሓሊፉኒ ኸ?

ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2026 ውሉድካ ኣብ ፋውንዴሽን ንኽተመዝግብ ኻብ 2ይ ተርም 2025 ኣትሒዝካን ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

ክሳዕ ዓርቢ 25 ሓምለ 2025 ናይ ምዝገባ መመልከቲ ክተእቱ እኳ እንተተሓተትካ፣ ድሕሪ እዛ ዕለት እዚኣ እውን ኻብተን ናይ ምዝገባ ሰሌዳ ግዜ ዘምለጠን፣ ቀዋሚ መንበሪ ዝለወጣ ወይ ናብ ቪክቶርያ ዝመጻ ስድራቤታት ዝቐረበ መመልከቲ ተቐባልነት ክረክብ ኢዩ።

ድሕሪ 25 ሓምለ 2025 ዝቐረበ መመልከቲ ምዝገባ ብመሰረት መስርሕ ፖሊሲ ምደባ እቲ ኽፍሊ በቲ ቤት ትምህርቲ ክምርመር እዩ።

## ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምምዝጋብ ኣበይ ተወሳኺ ሓበሬታ ኽረክብ እኽእል?

ነታ ኣብቲ ኸባቢኻ ዘላ መባእታ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ መስርሕ ምዝገባ መሰረት-ትምህርቲ ኽትሓትታ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መጀመርታ 2ይ ተርም 2025 ኣብቲ ኣብ ፋውንደሽን (ፕረፕ) ምምዝጋብ (Enrolling in Foundation (Prep)) ዝብል ገጽ ብዛዕባ መስርሕ ምዝገባ ፋውንዴሽን ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ሓበሬታ ኽትርጐመልካ እንተ ኣድልዩካ፡ ነታ ናይ ከባቢኻ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ሕተታ።

## ሓገዝ ካብ መን ክሓትት እኽእል?

እቲ ኣወሃሃዲ መስርሕ ምስግጋር፡ ሓላፊ ምዝገባ፡ ወይ ርእሰ-መምህር እታ እትምዝገበላ ዘለኻ መባእታ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ መስርሕ ምዝገባ ክህልወካ ኣብ ዝኽእል ዝኾነ ሕቶታት ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

## ጠቓሚ መራኸቢ (ሊንክ)

ውሉድካ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ኽጅምር ከሎ ጠቓሚ ኰይኑ ኽትረኽቦ እትኽእል መራኸቢታት (ሊንክታት) ኣብዚ ታሕቲ ኣሎ:-

ቤት ትምህርተይ ድለ – findmyschool.vic.gov.au

ብዛዕባ ዞባታት ቤት ትምህርቲ ዝገልጽ ሓበሬታ – vic.gov.au/school-zones

ኣብ መሰረተ ትምህርቲ ወይ ፋውንዴሽን (ፕረፕ) ምምዝጋብ – vic.gov.au/enrolling-foundation-prep

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ – vic.gov.au/how-choose-school-and-enrol

ብዛዕባ ጉድኣት አክካልን ኲሉ ዝሓቍፍ ትምህርቲ – vic.gov.au/disability-and-inclusive-education

ናይ ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት አድራሻታት – vic.gov.au/office-locations-department-education

# ናይ 2025-26 ሰሌዳ ግዜ

| ዕለታት 2025 | ንጥፈት |
|---|---|
| **2ይ ተርም፦ ሰሉስ 22 ሚያዝያ 2025 – ዓርቢ 4 ሐምለ 2025** | |
| **1ይን 2ይን ተርምታት 2025** | መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ነቶም ኣብ 2026 ንውሉዶም ኣብ መሰረት ትምህርቲ (ፕረፕ) ከመዝግቡ ዝደልዩ ስድራ ቤታት ዑደትን ሓበሬታን ካልእ ንጥፈታትን ይህቡ። |
| **ኣብ መጀመርታ 2ይ ተርም 2025 ጀሚሩ** | ኣብ ዓመት ትምህርቲ 2026 ዝርከብ ዞባታት ቤት ትምህርቲ ኣብዚ ይርከብ findmyschool.vic.gov.au<br>ወለድን ኣለይትን ኣብ 2026 ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ቤት ትምህርቲ (ናይ ኸባቢ ቤት ትምህርቲ) ንምርካብ ናብ findmyschool.vic.gov.au ክበጽሑ ኣለዎም።<br>እቲ ንወለድን ንኣለይትን ዝኸውን ናይ ምዝገባ ሓበሬታ ፓክ ካብ ኣብ ፋውንዴሽን ምምዝገባ (Enrolling in Foundation (Prep)) ከተራግፍ ትኽእል ኢኻ። |
| **ካብ 1ይ ሰሙን 2ይ ተርም 2025 ጀሚሩ** | መባእታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ነቲ ናይ ምዝገባ ሓበሬታ ጥራዛት(ፓክስ) ንመጻኢ ስድራ ቤታትን ናይ ኸባቢኦም ማሕበረሰብን ክዕድሉ ይኽእል ኢዩ። |
| **ካብ 1ይ ሰሙን 2ይ ተርም 2025 ጀሚሩ** | **ናይ መመልከቲ ምዝገባ ኽፉት እዩ** –ካብዛ ዕለት እዚኣ ጀሚሩ ወለድን ኣለይትን እቲ ዝተመልአ ናይ ምዝገባ መመልከቲ ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ መንግስቲ የቕርቡ። |
| **3ይ ተርም፦ ሶኒ 21 ሓምለ 2025 – ዓርቢ 19 መስከረም 2025** | |
| **ዓርቢ 25 ሓምለ 2025** | **ናይ ምዝገባ መመልከቲ ናይ መወዳእታ ዕለት** – በዛ ዕለት እዚኣ ወለድን ኣለይትን እቲ ዝተመልአ ናይ ምዝገባ መመልከቲ ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ መንግስቲ የቕርቡ። |
| **ካብ ሰኑይ 28 ሓምለ ክሳዕ ዓርቢ 8 ነሓሰ 2025** | መባእታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ብመሠረት እቲ ናይቲ ኽፍሊ ናይ ምደባ ፖሊሲ ንወለድን ንኣለይትን ውጽኢት ምዝገባ ፋውንደሽን (ፕረፕ) ብጽሑፍ ይሕብርዎም። እዚ ድማ ናይ ዕድመ ደብዳበ፣ ምዝገባ ዘረጋግጽ ደብዳበ ወይ ዘይተዓወተ መመልከቲ ዝገልጽ ደብዳበ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ።<br>ወለድን ኣለይትን ዘይተዓወተ መመልከቲ ደብዳበ እንተተላኢኽሎም ናብ እቲ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ብጽሑፍ ይግባይ ክብልዎ ክጅምሩ ይኽእሉ እዮም። |
| **ዓርቢ 22 ነሓሰ 2025** | ናይ ዕድመ ደብዳበ ዝበጽሖም ወለድን ኣለይትን ክሳዕ እዛ ዕለት እዚኣ ቦታ ውሉዶም ከም ዝተቐበልዎ ዝሕብር ደብዳበ ይልእኹ። |
| **ዓርቢ 22 ነሓሰ 2025** | ወለድን ኣለይትን ናብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ብጽሑፍ ይግባይ ዘቕርብሉ **ናይ መወዳእታ ዕለት**። |
| **ዓርቢ 5 መስከረም 2025** | በዛ ዕለት እዚኣ መባእታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኹሎም ወለድን ኣለይትን እቲ ውጽኢት ይግባይ ዝበልሉ ብጽሑፍ የፍልጥ። |
| **ዓርቢ 19 መስከረም 2025** | እቲ ናይ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ይግባይ ዝበልዎ እንተዘይተዓዊቱ ወለድን ኣለይትን ነቲ ከባብያዊ ዳይረክተር ናይ ይግባይ ጽሑፍ ዘቕርብሉ **ናይ መወዳእታ ዕለት**። |
| **4ይ ተርም፦ ሶኒ 6 ጥቅምቲ 2025 – ዓርቢ 19 ታሕሳስ 2025** | |
| **ኣብ 4ይ ተርም 2025** | መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ምስግጋር ክፍለ ግዜ የሰናድዋ። |
| **ዓርቢ 31 ጥቅምቲ 2025** | እቶም ዞባታት ንኹሎም ወለድን ኣለይትን ብዛዕባ ውጽኢት ናብ ከባብያዊ ዳይረክተር እተገብረ ይግባይ በዛ ዕለት እዚኣ ብጽሑፍ የፍልጥዎም። እዚ በቲ ናይ መወዳእታ ዕለት ዓርቢ 19 መስከረም 2025 ዝቐረበ ይግባይ ጥራይ ኢዩ ዝምልከት። |